ቤ/ፅ ል/እቶትን ምምሕዳር ፋይናንሰ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ኣብ ባጀት ዓመት 2016 ዓ/ም ንቤት ፅሕፈት ወረዳና ግልጋሎት ዝውዕል ናይ መኪና ሰፔር ፓርት ብግልፂ ጨረታ ኣውዳዲሩ ክዕድግ ይድሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ታሕሳስ 8, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 19, 2016 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:ክልተ ኣዉላዕሎ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 19, 2016 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

በዚ መሰረት ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ እትኽእሉ ተጫረቲ፤

1. ሕጋዊ ናይ ንግዲ ፍቓድ ኣብ ዘለኩምን ኣብዚ ባጀት ዓመት ዘሓደሰኩም ወይ ድማ ግብሪ ዝክፈልኩም።

2. ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለይ ቁፅሪ /ቲን/ ካርድዘለኩምን ፤ዝተሓደሰ ናይ መቕረባይነት ካርድ ዘለኩም፤ ናይ ቫት ሰርተፊኬት ዘለኩም፤ ናይ ወርሓዊ ዲክላሬሽን ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ 2016 ዓ/ም መረዳእታ እትኽእሉ ንሓደ ዶክሜት ዘይምለሰ ብር 100 / ሓደ ሚኢቲ ብር/ ብምኽፋል እቲ ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ፅሕፈትና ከይዲ ሰራሕ ዕደጋን ፋይናንሰን ንብረት ምምሕዳርን ብምውሳድ ዝቐረበሉ ዋጋ ብምምላእ ካብ ዕለት 9/04/2016 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 19/04/2016 ዓ/ም ዋንኡን ኮፒኡን በበይኑ ብዝተዓሸገ ኢነቨሎፕ ብምምፃእ ነዚ ተባሂሉ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳፁን ምእታው ይከኣል።

3. ጨረታ ሳንዱቅ ዝዕሸገሉ ዕለት 19/04/2016ዓ/ም ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ በዚ ዕለት ሰዓት 8:30 ድማ ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት ተዘይሃለውን ኣብ ውሽጢ ሳንድቕ ዝተረከበ ፖሰታ ብሰርዓት ይክፈትን ይግምገምን ።

4. ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ናይ መኪና ሰፔር ፖርት መኽበሪ ጨረታ ዝኸውን ብር 5000 / ሓሙሽተ ሽሕ ብር / ብCPO / ከትሕዙ ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ኣለዎም።

5. ተጫረቲ ዘቕረብዎ ናይ መወዳደሪ ጨረታ ሰነድ ማህተምን ፈርማን ባዓል ዋና እንተዘይሃልይዎን ሰርዝ ድልዝ እንተኾይኑን ተቐባልነት ኣይህልዎን።

6. ተጫረቲ ሰዓራይ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝሰዓሩ ይኹን ዘይሰዓሩ ተወዳዳርቲን ኣብ 3+ መዓልቲ ውሽጢ ብፅሑፍ ምሰ ቀረበልኩም ቅሬታ እንተዘይቀሪብኩም ብድሕሪኡ ንዝመፅእ ዝኮነ ይኹን ቅሬታ ዘይንቕበል ምኻና ንሕብር።

7. ሰዓራይ ኮይኑ ዝተረኽበ ተጫረቲ ኣብ ውሽጢ 5° ናይ ሰራሕ መዓልቲ ውዕሊ እንተዘይኣሲሩ ዝትሐዞ መኽበሪ ጨረታ ተወሪሱ ናብ መንግሰቲ ካዝና ኣታዊ ይኸውን።

8. ሰዓራይ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንሰ ወረዳ 2+ ኣውላዕሎ ክርክብ ይግባእ።

9. ቤ/ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምሰራዝ መሰሉ ሕልው እዩ። ቤ/ፅሕፈት ል/እቶትን ምምሕዳር ፋይናንሰ ወረዳ 2 ኣውላዕሎ ንተወሳኺ ሓበረታ ሰ/ቁ ሞባይል 0932326414 / 0914741258/

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle